# ናይ ኣፍሪካ ደቒ-ኣንስትዮ ክሊኒክ

## ናብዚ ክሊኒክ እዚ መን እዩ ዝመጽእ?

ዝኾነት ናይ ብልዕት ሓፍረት ኣካላት ክንሸባ (ባህላዊ መጥባሕቲ) ዘጋጠማ ኩላ፤ ዕድመ ብዘየገድስ፤ ናብ ክሊኒክና ክትመጽእ ትኽእል እያ። ንእስቲ፤ ጥንስቲ፤ ወይ ድማ ብዕድመ ዕብይ ዝበልኪ፤ እሞ ብዛዕባ ክንሸባ ክተዋግዒ እንተደሊኪ ክትመጽኢ ትኽእሊ ኢኺ።

ብልዕት ሓፍረተ ኣካላትኪ ክኽፈት መጥባሕቲ ክትገብሪ እንተድኣ ደሊኺ (ዲኢንፌቡሌሽን ዝበሃል) ናባና መጺኺ ክተግብሪ ትኽእሊ ኢኺ።

ጥንስቲ  እንተድኣ ኮይንኪ፡ ቅድሚ 34 ሰሙናት መጥባሕቲ ክግበር ኣለዎ።

ካልእ ዝኾነ ዓይነት መጥባሕቲ ኣብዚ ክሊኒክ ኣይንገብርን።

እዚ ክሊኒክ እዚ ዓርቢ ዓርቢ እዩ ዝኽፈት።

## ከመይ ኢና ንከናኽናኺ፤

እዚ ናይ ኣፍሪካ ደቂ ኣንስትዮ ክሊኒክ ንክንሹባት ወይ ድማ ግዳያት ባህላዊ መጥባሕቲ  ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምክንኻን ልምዲ ዘለዎን ነርስታትን ኣዋለድትን እየን ዝመርሕኦ።

ብዛዕባ ክንሸባኪን ኩነታት ጥዕናኺን ምሳኺ ክዘራረባ እየን። ብዛዕባ እቲ ከይዱ መጥባሕቲ፤ ድሕሪ እቲ መጥባሕቲ ብዛዕባ ኣ ዝስመኣኪ ከም እውን ብዛዕባ ናይቲ ምሓሽ ለውጢኺ ዘርዚረን ከረድኣኺ እየን።

ኣብ ካልኦት መዳያት ጥዕና ዘለኪ ጸገም እውን ከምኡ መረዳእታ ክህባኺ እየን።

ኣብ መደብ ትምህርቲ ስድራ ቤታዊን ስነ-ተዋልዶታዊን መሰላት (FARREP)  ዝሰርሕ ሰብ ኣብ ቆጸራኺ መዓልቲ ተረኺቡ ክሕግዘኪ እዩ።

**ሜዲኬር ካርዲ** እንተሃልዩኪ፤ እቲ ኣገልግሎት ብናጻ እዩ።

ሜዲኬር ካርዲ እንተዘይብልኪ ንሰራሕተኛ FARREP ኣዘራርቢ ኢኺ። ኣብ ቑጽሪ ስልኪ (03) 8345 3058 ክትድውልሎም ትኽእሊ ኢኺ።

## ቆጸራ ምሓዝ

ናብቲ ክሊኒክ ክትመጺ ካብ ሓፈሻዊ ዶክተርኪ (GP) ሪፈር ክትበሃሊ ወይ ድማ ክትስደዲ ኣየድልየክን።

ቆጸራ ክትሕዚ እንተድኣ ደሊኺ ን FARREP ብቑጽሪ ስልኪ (03) 8345 3058    ርኸብዮም።

ናትኪ ሓፈሻዊ ዶክተር (GP)  ወይ ከዓ ናይ ማሕበረሰብ ናይ ጥዕና ነርስ ብቑጽሪ (03) 8345 3036 ብፋክስ ሪፈር ክትገብረኪ/ክገብረኪ ወይ ድማ ክትሰደኪ/ክሰደኪ ትኽእል/ይኽእል እዩ/ያ።

Interpreter **ኣስተርጓሚ ዘድልየኪ እንተኾይኑ በጃኺ ንገርና።**

ካብ ሓደ ንላዕሊ ቖጸራ ይህልወኪ ይኸውን።

- ኣብ ናይ መጀመርታ ቖጸራ ብዛዕባ ናይ ጥዕናኺ ቕንያት ከመይ ከም ዝነበረ ክንሓተኪ ኢና።
- ኣብ ካልኣይ ቖጸራ ቐጥታ ናብ መጥባሕቲ ንኸይድ፤
- ኣብ ሳልሳይ ቖጸራ ድሕሪ መጥባሕቲ ዝህልወኪ ለውጥታት ንዕዘብ።

ሓድ ሓደ ጊዜ እቲ መጥባሕቲ ኣብ ናይ መጀመርታ ቖጸራ ክግበር ይኽእል እዩ።

## ኣብቲ ቖጸራታትኪ ዝግበር እንታይ እዩ?

እታ ነርስ ወይ ከዓ እታ መዋለዲት.....

- ነቲ ዝተኸንሸብክዮ ክትርእዮ እያ። እንታይ ዓይነት መጥባሕቲ የድሊ ንዝብል መልሲ ምእንታን ክትረክቢ።
- ምሳኺ ብዛዕባ ዘገድስ ዝኾነ ኩነታት ጥዕናኺ ክትዘራረብ እያ።
- መጥባሕቲ ክግበረልኪ እንተድኣ ወሲንኪ ከመይ ከም ዝፍጸም ክንገልጸልኪ ኢና። ኣድላያይ እንተኾይኑ ስእልታት ገይርና እውን ክነረድኣኪ ንኽእል ኢና።
- ድሕሪ መጥባሕቲ ሰውነትኪ እንታይ ዓይነት ለውጥታት ከም ዘርእይን ናይ ምምሕያሽ ከይድኺ እንታይ ክመስል ከም ዝኽእልን ክግለጸልኪ እዩ።
- ካልእ ዓይነት ናይ ጥዕና ጸገም እንተሃልዩኪ፤ ብዛዕባ ካልኦት ግልጋሎታት ከመይ ከምትውከሲ ክነርድኣኪ ኢና።
- እቲ መጥባሕቲ ምስተኻየድ ድሕሪ 4 ክሳዕ 6 ኣብ ዘሎ ግዘ ዘለኪ ምምሕያሽ እንታይ ከም ዝመስል ንምርኣይ ክንረኽበኪ ኢና።

እቲ ናይ FARREP ሰራሕተኛ...

- ምኽንሻብ ሓሓንሳእ ካብ ዝካየደሎም ማሕበረሰባታት ንዝመጻ ደቂ ኣንስትዮ ክሕግዝ እዩ።

- ቖጸራ ክትሕዚ ክሕግዘኪ እዩ፤ ምስ ነርሲን ኣዋላዲትን ኣብ ትህልዩሉ ሰዓታት ምሳኺ ክኸውን እዩ።
- ዋላ እውን ቅልል ኣብ ዝበሉ መዓልታዊ ጉዳያት ከም ናብን ካብን ሆስፒታል ምጉዓዝ፤ ምክንኻን ቆልዓ፤ ምትርጓምን ካልኦት ግልጋሎታትን ይሕግዘኪ።
- ብዛዕባ ኣገደስቲ ግልጋሎታት ሓበሬታ ይህበኪ፤ ንኦኦም እውን ኣብ ሆስፒታል ይኹን ኣብቲ ማሕበረሰብ ከመይ ከምትረኽብዮም ሓብሬታ ክህበኪ እዩ።
- ንምኽንሻብን  ንሕግታት ቪክቶርያን ዝምልከት መረዳእታ ክህበኪ እዩ።
- ንዓኺን ከምኡ’ውን ንጓልኪ/ንጓላትኪ ጥዕና ዝምልከት መረዳእታ ክህበክን እዩ።

## ኣድራሻ

ኣቶም ናይ FARREP ሰራሕተኛታት ካብ ሰኒ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ንግሆ ሰዓት 9am ክሳዕ 5pm ናይ ድሕሪ ሰዓት ክርከቡ ይኽእሉ።

ተለፎን፡ (03) 8345 3058
ኢሜል: farrep.program@thewomens.org.au ድረ-ገጽ እዩ።
ፋክስ፡ (03) 8345 3053

ወይ ድማ ኣብ ከባቢኺ ኣብ ዘሎ ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ ናይ ፋሬፕ ሰራሕተኛ ርኸቢ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ንድረ-ገጽና ተወከሲ፤ http://www.thewomens.org.au/health-information ድረ-ገጽ እዩ።

## ዝጥወቕ መስመር ቋንቋ ርክብ (Language link)

***በርስዎ ቋንቋ መረጃ ለማግኘት በድረገጻችን ላይ ይጎብኙ***
للحصول على المعلومات بلغتكم زوروا موقعنا الإلكتروني
用您說的語言瞭解詳情，請瀏覽我們的網站
Για πληροφορίες στη γλώσσα σας επισκεφθείτε την ιστοσελίδα μας
अपनी भाषा में जानकारी प्राप्त करने के लिए हमारी वेबसाइट पर जाइए
Per informazioni nella vostra lingua visitate il nostro sito web
Macluumaad intaas ka badan oo af Somali ah booqo websaytkayaga
Kendi dilinizde bilgi almak için web sitemizi ziyaret edin
Để biết thông tin bằng ngôn ngữ của quý vị, hãy truy cập trang mạng của chúng tôi

## ደገፍ ኣንጻር ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ስድራ ቤት

### 1800 ብሄራዊ ናይ ህጹጽ ርክብ መስመር

እንተድኣ ጾታዊ ጥቕዓት፡ ናይ ገዛ ውሽጢ፤ ኣብ ቤተሰብ ውሽጢ ዓመጽን ምግፋዕን እንተጋጢሙ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብ ዝኾን እዋን፤ ቐትሪ ኮነ ለይቲ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።
1800 737 732
1800respect.org.au

**ብጌጋ ከይትርድኡና መዘኻኻሪ** እዚ ናይ መረዳእታ ወረቐት እዚ ሓፈሻዊ መረዳእታ ጥራሕ ዘቕርብ እዩ። ንዝርዝርን ብውልቕም ንዝደልይዎ ሓገዝ ግና ካብ ናቶም ናይ ጥዕና ብዓል ሙያ ማዕዳ ተወከሱ። እኣብ ክንዲ ናብ ሓኪም ምኺድ ኣብዚ ወረቐት ኣብ ዝተጽሓፉ ማዕዳታት ብምምርኳስኩም ጉድኣት ወይ ድማ ጥፍኣት እንተጋጢሙ ሮያል ናይ ደቒ ኣንስትዮ ሆስፒታል ሓላፍነት ኣይወስድን፤ ኣይቕበልን እውን። ህጹጽ ናይ ሕክምና ቖላሕታን ኽትትልን እንተድልዩኩም፤ ኣብ ቐረባኹም ንዘለዉ ናይ ህጹጽ ጊዘ መምርሒ (ዲፓርትመንት) ርኸብዎም።
© The Royal Women's Hospital 2025